# ኣብ መንግስታዊ ቤትስልጣን ከም ተለማማዲ ስራሕ ምኻን

## መእተዊ



Arbetsgivarverket

Översatt till tigrinja

4 መእተዊ

6 ሽወደን ብኸምዚ ትመሓደር - ብደሞክራሲ፥ ብባይቶኣዊ ስርዓተ-ምሕደራ ትካየድ

8 ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ፤ እቲ ኣከያይዳ ደሞክራስያዊ-መስርሕ ከመይ ከም ዝኾነ ዘርእየና እዩ።

9 ዘይመንግስታውን - መንግስታውን ስርሓት - እንታይ ይፈልዮ?

10 ሓደ ሓባራዊ ናይ መንግስቲ ክብረ-መሰረት

11 ኣብ መንግስታዊ ቤትስልጣን ምስራሕ

13 ኣብ መንግስታዊ ቤትስልጣን ምስራሕ እንታይ ትርጉም ኣሎዎ?

14 ኣብ መንግስታዊ ቤትስልጣን ከም ተለማማዲ ስራሕ ምኽኣን

# መእተዊ

ኣብ ውሽጢ መንግስቲ፤ ብዙሓት ብብቕዓት ዝካየዱ ሞያታት ኣሎዉ እዮም። ኣስታት 250 000 ዝኾኑ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፤ ነንመዓልቱ ኣብ መዳይ ትምህርቲ፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ፡ ኣብ ኮለጃት፡ ኣብ ምክልኻል-ገበን፡ ኣብ ዓለም-ለኻዊ መዝነት፡ ኣብ መዳይ ኣታዊ ግብሪ፡ ካብቲ ሓባራዊ ስርዓተ-ውሕስነት ኣብ ምኽፋል ገንዘብ፡ ኣብ ምርኻብ ሰራሕ፡ ኣብ መደብ ትሕተ-ቅርጺ ምውጻእ፡ ኣብ ባህላዊ ጉዳያትን ካልእን፤ ኣብ ኣዝዮም ብዙሓት ዝኾኑ ናይ ስራሕ መዝነታትን ተዘርጊሖም ድማ ይርከቡ። ካልኦት ኣብነታት ናይ ሞያታት ድማ፤ ከም ተመራመርቲ፡ ፖሊስ፡ ኣጽናዕቲ፡ ሰራሕተኛታት ቤተመዘከር፡ ኣብረርቲ ነፈርቲ-ውግእ፡ መምህራን ስነ-ትልሂት፡ ክኢላታት ኣታዊ-ግብሪ፡ ናይ ቴክኒንክ ሞያኝታትን ወዘተ ካልኦት ብዙሓትን ውን ኣሎዉ። ኣብ ሃገር ሽወደን፡ ኣስታት 340 ዝኾና መንግስታውያን ኣብያተስልጣን ኣሎዋ።

እቶም ሓሙሽተ ዝዓበዩ መንግስታውያን ወሃብቲ-ስራሕ፤ ፖሊስ፡ ምክልኻል-ሃገር፡ ውሕስነት-ካሳ፡ መራኽብቲ-ስራሕን ቤትስልጣን ኣታዊ ግብሪን እዮም።

ኣብ መንግስታዊ ቤትስልጣን ተቖጺርካ ምስራሕ ማለት፤ ንኹሎም ተቐማጦ ሃገር ሽወደን፤ ማሕበራዊ ጥቕሚ ንምብርካትን፤ ዝምድና ሃገር ሽወደን ምስ ዓለም ብጽቡቕ ከም ዚህነጽ ምግባርን እዩ። ብኻልእ ውን፡ እቲ ኣብ መንግስቲ ተቖጺርካ ምስራሕ ማለት፤ ነቶም መንግስታውያን ስርሓት፤ ብመሰረት እቶም ብመንግስቲ ሽወደንን ሃገራዊ ባይቶን ዝሓለፉ ሕጊን ስርዓትን፤ ኣብ ግብሪ ከም ዚውዕሉ ምትግባር እዩ።

# ሽወደን ብኸምዚ ትመሓደር - ብደሞክራሲ፡ ብባይቶኣዊ ስርዓተ-ምሕደራ ትካየድ



ሃገር ሽወደን ደሞክራስያዊት፤ ባይቶኣዊ ስርዓተ-ምሕደራራ እትምራሕ ሃገር’ያ። እዚ ማለት ድማ፤ እቲ መንግስታዊ ስልጣን ኣብቲ ህዝቢ ዝተመስረተ እዩ። ኣብ መንግስቲ ተቖጺርካ ምስራሕ ማለት ድማ፤ ኣካል ናይቲ ደሞክራስያዊ መስርሕ ኴንካ ኣሎኻ ማለት’ዩ። ስለዚ ድማ ንስኻ፤ ነቲ እቲ ህዝብን እታ ሃገር ሽወደንን ብጭቡጥ ክኾንዎ ዝደልዩ፤ ንስኻ ውን ተበርክት ኣሎኻ ማለት’ዩ።

**ህዝቢ ሽወደን** ኣብቲ ኣብ 4 ዓመት ሓደ ጊዜ ዚፍጸም ዕለተ-ምርጫ፤ ኣባላት ባይቶ ዝኾኑዎ ወከልቱ ይመርጽ።

**ሃገራዊ ባይቶ** መራሕ-መንግስቲ ይመርጽ’ሞ፤ መንግስቲ ንከቖውም ይምዝዞ ። ኣብ ሃገር ሽወደን እቲ ዝለዓለ ወሳኒ ኣካል፤ እቲ ሃገራዊ-ባይቶ እዩ። ገለ ካብቶም መዝነታት ሃገራዊ-ባይቶ ድማ፤ ሕጊ ምውጻእን ባጀት ናይታ ሃገር ምስላዕን እዩ።

**መንግስቲ** ብመሰረት እቶም ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ዝሓለፉ ውሳኔታት፤ ንሃገር ሽወደን የመሓድር። ሓደስቲ ሕጊታት ድማ ይእምምን ንነባራት ሕጊታት ድማ የመሓይሽን። መንግስቲ ነቲ ስርሓቱ ኣብ ምትርጓም ዚሕግዞ፤ ናይ ነንበይኖም ፖሎቲካዊ መዳያት ክፍሊ-ምምሕዳራት ዘሎዎ፤ ሓደ መንግስታዊ ቤትጽሕፈት የቐውም። ብተወሳኺ ውን



Sagerska palatset, Riksbron, Riksdagshuset, Slottet, Stallbron och Regeringskansliet.

ብሓገዝ እቶም መንግስታውያን ምምሕዳራዊ ኣብያተ-ስልጣን ጌሩ የመሓድር። መንግስቲ፡ እተን መንግስታውያን ምምሕዳራዊ ኣብያተስልጣን፤ ብኸመይ ክሰርሓ ከም ዘሎወን መምርሒ ክህብ ይኽእል እዩ። እንተ ኹነ ግን፤ መንግስቲ ብዝኾነ መልክዕ፤ ነተን ኣብያተስልጣናት፤ ነቲ ሕጊ ብኸመይ ክትርጕምኦ ከም ዘሎወን ክእዝዝ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት፤ ሓደ ምኒስተር ብቐጥታ ኣብቲ ምዓልታዊ ስርሓት ናይተን ኣብየተ-ስልጣን ወሪዱ ክእዝዝ ይኽእል እዩ። ኣብ ሃገር ሽወደን ግን ከምኡ ኣይኰነን። እዚ ኣብ ሃገር ሽወደን፤ ከም ”ምኒስትራዊ-ጸቕጢ” እዩ ተባሂሉ፤ ከም ሓደ ክልኩል ዝኾነ ነገር ዝዝረበሉ እዩ።

እቲ መንግስቲ፡ ንኹለን ኣብያተስልጣናት ናይ መቆጻጸሪ-ደብዳበ ዝኸውን፤ በብዓመቱ ውሳኔ ይወስድ እዩ። ኣብዚ መቆጻጸሪ ደብዳበ’ዚ ድማ፤ ሓደ ቤትስልጣን ብኸመይ ከምዚሰርሕን፡ ክንደይ ገንዘብ ከም ዚጥቀምን ሰፊሩ ይርከብ።


እቲ መንግስቲ፡ ኣብ ሓደ ቤትስልጣን መን ሓለቓ ከምዚኸውን ዚምዝዝ ንሱ እዩ። ናይቲ ቤትስልጣን ርእሰ-ኣመሓዳሪ ድማ፤ ”ጠቕላሊ-ሓለቓ” (generaldirektör) ተባሂሉ ይጽዋዕ።



Kammaren är samlad för omröstning.

ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ፤ እቲ ኣከያይዳ ደሞክራስያዊ-መስርሕ ከመይ ከም ዝኸውን ዘርእየና እዩ።

**ህዝቢ**



ህዝቢ ሽወደን ነቶም ኣብ ባይቶ ዝቕመጡ ወከልቱ ይመርጽ።

**ምርጫ ኣብ 4 ዓመት**




**ሃገራዊ ባይቶ**



እቲ ሃገራዊ ባይቶ ሕጊታት የውጽእን፤ ነቲ መንግስታዊ ገንዘብ ውን ኣበይ ከም ዚውዕል ይውስን።

**መንግስትን ክፍሊ-ምምሕዳራትን**






Voteringsknappar i en ledamotsbänk.

መንግስቲ ንሃገር ሽወደን ይመርሕ፤ ንኣብያተስልጣን ድማ መምርሒን ገንዘብ ይህብ።

**ኣብያተስልጣን**

**ውጽኢት**



**እቶም ኣብያተስልጣን ነቲ ብሃገራዊ ባይቶን መንግስትን ዝሐለፈ ውሳኔታት፤ ኣብ ግብሪ ከም ዚውዕል ይገብሩ።**

# ዘይመንግስታውን - መንግስታውን ስርሓት - እንታይ ይፈልዮ?

*ኣብ ነንበይኖም ኣብ ሽወደን ዝካየዱ ስርሓት፤ ከም መንግስታውያን ወይ ዘይመንግስታውያን (ግላውያን) ንጥፈታት ተባሂሎም ይከፋፈሉ እዮም። እቲ ኣብቲ መንግስታዊ ትካላዊ ስርሓት እትው ዝኾነ፤ እቲ ካብ ግብሪ ብዝተረኽበ ኣታዊ ገንዘብ ዝሰንቕ ህዝባዊ ንጥፈታት እዩ። ስለዚ ድማ፡ እቶም ብመንግስታውያን ኣብያተስልጣን፡ ብኮሙናትን ብወረዳዊ ባይቶታትን ዝካየዱ ንጥፈታት፤ ኣብዚ ዝካተቱ እዮም።*

## መንግስታዊ ስርሓት

እቶም መንግስታዊ ስርሓት ወይ ንጥፈታት ተባሂሎም ዚሕሰቡ፤ እቶም ብናይ ህዝቢ ግብሪ ዚምወሉ ብህዝባዊ ምምሕዳራት ዝካየዱን እዮም። እቲ መንግስታዊ ንጥፈታት ክልተ ክፋል ዘሎዎ ኰይኑ፤ ሃገራዊ ንጥፈታት ከምኡውን ኮሙናዊን ወረዳ-ባይቶኣዊ ንጥፈታት ድማ ይበሃል።

### ሃገራዊ ንጥፈታት

ንጥፈታት (ኣብያተስልጣናዊ ምምሕዳራትን መንግስታዊ ንግዳዊ ቤትስልጣንን) ኰይኖም፤ ካብ ሃገራዊ ባይቶን ካብ መንግስቲን ንፍሉይ ተልእኾ መዝነት እናተዋህቦም፤ ነቲ ሕብረትሰብ ኣብ ዘማዕብልን ዚድግፍን ስራሕ ምንጣፍ እዩ። .

### ኮሙናዊን ወረዳዊ-ባይቶኣውን ንጥፈታት

እዞም ብኮሙናትን ወረዳዊ-ባይቶታትን ዝካየዱ ዓይነት ንጥፈታት (ቤትትምህርቲ፡ ክንክን-ሕማምን ሓለዋ-ጥዕናን፡ ከምኡውን ህዝባዊ መጐዓዚ ስርሓትን) ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ጂኦግራፍያዊ ክፋል ሕብረተሰብ ኣገልግሎት ዚህቡ እዮም። ብዙሓት ከምኣቶም ዝኣመሰሉ ድማ፤ ሓቢሮም ነቲ ምሉእ ሕብረተ ሰብ ዚሸፍን ኣገልግሎታት ይህቡ።

### መንግስታዊ ንጥፈት

ኣብ ከምዚ ኩነታት እምበኣር፤ ከም ሓደ ቤትስልጣን መጠን፤ መብዛሕትኡ ጊዜ ካብ መንግስቲ ወይ ካብ ሃገራዊ ባይቶ፤ ሓደ ፍሉይ መዝነት ተቐቢልካ፤ ነቲ ሕብረትሰብ ኣብ ዘማዕብልን ዚድግፍን ስራሕ ምንጣፍ እዩ። እቲ ስርሓት ድማ ብሓፈሺኡ፤ ካብቲ ብግብሪ ዝኣተወ ገንዘብ ዚምወል እዩ። እቶም ካልኦት ኣብዚ መንግስታዊ ንጥፈት እቱዋት ዝኾኑ ምምሕዳራት ድማ፤ ንኣብነት ከም ቤትስልጣን መራኸብቲ-ስራሕ ዝኣመሰሉ፤ ከም መንግስታዊ ቤትስልጣን-ንግዲ፤ ሓደ ካብኣቶም ንኣብነት ቤትስልጣን ኣቭየሽን ክጥቀስ ይክኣል። ብኣንጻሩ ግን፤ እተን መንግስቲ ዝውንነን ናይ ንግዲ ኩባንያታት፤ ኣብዚ መደብ'ዚ እቱዋት ኣይኰናን። ሓንቲ ካብኣተን፤ እታ ”ቫተን-ፋል” (Vattenfall) እትብሃል ኩባንያ ኰይና፤ እዛ ኩባንያ 'ዚኣ ድማ፤ ከም ኣካል ናይቲ ዘይመንግስታዊ (ግላዊ) ንጥፈታት እያ እትቕጸር።

**ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ኣስታት** 286 000 ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ኣሎዉ። እዚ ድማ 6 ሚእታዊት ናይቲ ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ዘሎ ቁጽሪ ሰራሕተኛ እዩ።

### ኣብ ኮሙናትን (kommuner) ወረዳዊ-ባይቶታትን (landsting) ዝካየድ ንጥፈታት

እዞም ብኮሙናትን ብወረዳዊ-ባይቶታትን ዝካየዱ ዓይነት ንጥፈታት፤ እቶም ንኣብነት ከም ቤትትምህርቲ፡ ክንክን-ሕማምን ሓለዋ-ጥዕናን፡ ከምኡውን ህዝባዊ መጐዓዚ ዝኣመሰሉ ስርሓትን እዮም።

ሃገር ሽወደን ኣብ 290 ኮሙናት ዝተኸፋፈለት ሃገር እያ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኮሙን ድማ ብድምጺ ህዝቢ ዝተመረጸ፤ (kommunfullmäktige) ዝተባህለ ኮሙናዊ ቤትምኽሪ ኣሎ። እዚ ቤትምኽሪ'ዚ፡ ንኹሉ ጉዳያት ናይ ሓደ ኮሙን ዚውስን እዩ። ኩሉ'ቲ ኮሙናዊ ንጥፈታት ድማ፤ ብኣታዊ ኮሙናዊ ግብሪን፡ ብክፍሊታትን፡ ብመንግስታዊ-ምወላን ይመሓደር።

ሃገር ሽወደን 20 ወረዳዊ-ባይቶታት ኣሎዋ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወረዳዊ-ባይቶ ድማ፤ (landstingsfullmäktige) ዝተባህለ፤ ብድምጺ ህዝቢ ዝተመረጸ፡ ወረዳዊ ቤትምኽሪ ኣሎ። እዚ ቤትምኽሪ'ዚ ድማ፤ ንኹሎም ጉዳያት ናይቲ ወረዳ ውሳኔታት ዘሕልፍ እዩ። እቲ ንጥፈታቱ ድማ፡ ብግብሪ ወረዳዊ-ባይቶ፡ ብናይ ሕሙማን ክፍሊትን፡ ብመንግስታዊ-ምወላን ዝመሓደር እዩ።

**ኣብ ኮሙናትን (kommuner) ወረዳዊ-ባይቶታትን (landsting)** ኣስታት 1 098 100 ቁጹራት ሰራሕተኛታት ኣሎዉ። እዚ ድማ 23 ሚእታዊት ናይቲ ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ዘሎ ቁጽሪ ሰራሕተኛ እዩ።

## ዘይመንግስታዊ(ግላዊ) ስርሓት

እዚ መብዛሕትኡ ብኩባንያታት ወይ ብትካላት፤ መኽሰብ ንምርካብ ኢለን ዝገብርኦ ትካላዊ ስራሕ እዩ። እዚ ድማ ንኣብነት፤ ሓደ ዓይነት ፍርያት ወይ ኣገልግሎት ኣብ ዕዳጋ እናኣቕረባ፤ ኩባንያታት ኣብ ነንሕድሕደን እናተወዳደራ ዝገብርኦ ንጥፈት እዩ።

### ዘይመንግስታዊ ግላዊ-ንጥፈት

እዚ መብዛሕትኡ ብኩባንያታት ወይ ብትካላት፤ መኽሰብ ንምርካብ ኢለን ዘካይድኦ ስራሕ እዩ። እዚ ድማ ንኣብነት፤ ሓደ ዓይነት ፍርያት ወይ ኣገልግሎት ኣብ ዕዳጋ እናኣቕረባ፤ ኩባንያታት ኣብ ነንሕድሕደን እናተወዳደራ ዝገብርኦ ንግዳዊ ንጥፈት እዩ። ግላዊ ንግዳዊ-ንጥፈታት ዝበሃል

እምበኣር፤ (ብዘይካ'ቲ ናይ ስድራቤት ዋኒን)፤ ኩለን እተን ብግሊ ዚውነና ትካላት እየን። እዚ ድማ፡ መብዛሕትኡ ብትካላዊ መልክዕ መኽሰብ ንምርካብ ዚግበር ንግዳዊ ንጥፈት እዩ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ግላዊ-ንጥፈታት፤ ብናይ ንግዲ ዕላማ ዘይኰነስ፤ ብናይ ሓባር ስም፡ ከም ማሕበራት ግብረ-ሰናይ ተባሂለን ዝጽውዓ፤ ወለንታዊ-ንጥፈታት ዘካይዳ ውድባት ውን እቱዋት እየን።

**እዚ ግላዊ ንግዳዊ-ክፋል** እቲ ዝዓበየ ክፋል፤ ኣስታት 3 403 500 ቁጹራት ሰራሕተኛ ዘሎዉዎ ኰይኑ፤ እዚ ድማ 71 ሚእታዊት ናይቲ ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ዘሎ ቁጽሪ ሰራሕተኛ እዩ።

# ሓደ ሓባራዊ ናይ መንግስቲ ክብረ-መሰረት

*እቲ ክብረ-መሰረት ተባሂሉ ዚጽዋዕ፤ ኩሎም እቶም ኣብቲ ትካላዊ ኣሰራርሓ ንጥፈታትካ ከም መሰረት ጌርካ እትጥቀመሎም ክብረታት እዮም። እዚ ንኹላትና ሰራሕተኛታት መንግስቲ፤ ሞያዊ ኣገልግሎትና እንታይ ምኧኑ ብዘየገድስ፤ ዚምልከተና ሓባራዊ ክብረ-መሰረት ኮይኑ፤ እዚ እጠማምታ’ዚ ድማ፤ ኣብቲ ደሞክራሲያዊ ክብረታትና ዝተሃንጸ እዩ።*

*እቲ ሓባራዊ ናይ መንግስቲ ክብረ-መሰረት፤ ኣብዞም ዚስዕቡ ሽዱሽተ መሰረታውያን መትከላት ወይ መሰረታውያን ክብረታት ጾሚቑና ንርእዮ፦*

## ደሞክራሲ

ኩሉ መንግስታዊ ስልጣን ካብ ህዝቢ ይብገስ። ንሕና ድማ፡ ነቲ ህዝቢ ብመገዲ እቶም ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ዘሎዉ ወከልቱ ኣቢሉ ዘጽደቖ ውሳኔታት፤ ኣብ ግብሪ ከም ዚውዕል ንገብር።

## ሕጋውነት

እቲ ህዝባዊ ስልጣን፤ ኣብ ሕጊታት ተመስሪቱ ኣብ ግብሪ ይውዕል። ንሕና ድማ፡ ነቶም ንስራሕና ዚምልከቱ ሕጊታትን ደንብታትን ክንክተሎም ይግብኣና።

## ውድዓውነት

ማዕርነት ናይ ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ፤ ቁዉም-ነገርነትን ኣድልዎ-ኣልቦነትን ክሕሎ ይግባእ። ንሕና ድማ፡ ሓደ ዓይነት ጉዳያት ብሓደ ዓይነት ተራእዮም ክተሓዙ፤ ውሳኔታት ብሃበ-ተረኽበ ከይውሰኑ ሓላፍነትና ንስከም። ጉቦታት ክንቅበል ድማ ኣይፍቀደልናን እዩ።

## ነጻ ምምንጫው ሓሳባት

እቲ ናይ ሽወደን ህዝባዊ ምሕደራ፤ ሓሳባትካ ብነጻ ኣብ ምምንጫው ዝተመስረተ ስርዓት’ዩ። ግሁድነትን መሰላት ሓሳባትካ ምግላጽን፤ እቶም ኣገደስቲ ኣዕኑድ እዮም። ኣብ ሓደ ቤትስልጣንና ብዛዕባ ዘጋጠሙ ነገራት ብግሁድ ክንዛረብ መሰል ኣሎና - ብዘይካ እቶም ብምስጢር ክተሓዙ ዝተወሰነሎም ጉዳያት።

## ክብሪ ንማዕረነት ደቂሰባት፡ ንሓርነት፡ ንኣኽባርነት ምሃብን

ኣብ ኣፈጻጽማ መንግስታዊ ስልጣን፤ ክብሪ ኩሎም ደቂሰባት ብማዕርነት ከምዚሕሉ፤ ከምኡውን ንሓርነት ግለሰብ ብዘኽብርን፤ ክብረታቱ ብዚቋመትን ኣገባብ ክትግበር ይግብኦ። ንሕና ድማ ኣብ ኩሉ እዋን፤ ክብሪ ኩሎም ደቂሰባት ብማዕርነት ከምዚሕሎ ክንቋመትን፤ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ድማ፤ ብምኽንያት ጾታ፡ ዓሌት ወይ ስንክልና፤ ኣድልዎ ንኸይንፍጽም ይግብኣና።

## ውጽኢታውነትን ኣገልግሎትን

ውጽኢታዊ ዝኾነ ኣሰራርሓን ንብረት ዘይምዝራውን፤ ምስ ግቡእ-ኣገልግሎትን ኣድላይነት-ቀረብን ብሓደ ተሳንዮም ከም ዝኸዱ ምግባር። ንሕና ድማ፡ ንህዝቢ ሓበሬታን መምርሒን ምኽርን ክንህብ ይግብኣና። ናይ ስራሕ ሓላፍነትና ብውጽኢታዊ ኣገባብ ክነተግብር ይግብኣና።

# ኣብ መንግስታዊ ቤትስልጣን ምስራሕ

*እተም ቁጹራት መንግስቲ፤ ኣብ ነንበይኑ ዝኾነ ናይ ስራሕ-መዳያት እዮም ዝሰርሑ። እቲ ኣብ ገጽ 11 ዘሎ ስእሊ፤ እቶም ነንበይኖም ናይ ስራሕ-መዳያት ዘርኢ እዩ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ናይ ስራሕ-መዳይ ድማ፤ ክልተ ኣብነታት ናይ ኣብያተሰልጣን ተጻሒፎም ኣሎዉ።*

## እተን ናይ መንግስቲ ኣብያተስልጣን፤ ኣብ ሸውዐተ ነንበይኑ ናይ ስራሕ-መዳያት ዝተኸፋፈላ እየን።

**ክፍሊ-ትምህርቲ፦**- ኣብ ውሽጢ ናይ’ዚ ስራሕ-መዳይ’ዚ፤ ኣብ 41 ኣብያተስልጣን 74 700 ቁጹራት ሰራሕተኛታት ኣሎዉ። ገለ ካብቶም ኣብነታት ከም “ሉንድ ዩኒቨርሲቲን”፤ ቤትስልጣን ምምሕዳይ ኣብያተትትምህርቲን እዮም።

**ምክልኻልን ሓለዋን ሕብረትሰብ፦**- ኣብዚ ናይ ስራሕ-መዳይ’ዚ፤ ኣብ 14 ኣብያተስልጣን፤ ኣስታት 52 300 ቁጹራት ሰራሕተኛታት ኣሎዉ። ከም ኣብነት፡ ቤትስልጣን ፖሊስ፡ ቤትስልጣን ቁጠባዊ-ገበናትን እዮም።

**ማሕበራዊ ውሕስነት ወዘተ፦**- ኣብዚ ናይ ስራሕ-መዳይ’ዚ፤ ኣብ 19 ኣብያተስልጣን፤ ኣስታት 41 600 ቁጹራት ሰራሕተኛታት ኣሎዉ። ከም ኣብነት ቤትስልጣን ውሕስነት-ካሳን፡ ቤትስልጣን ጡረታን እዮም።

**ሓፈሻዊ ህዝባዊ ምምሕዳራት፦**- ኣብዚ ናይ ስራሕ መዳይ’ዚ፤ ኣብ 45 ኣብያተስልጣን፤ ኣስታት 28 200 ቁጹራት ሰራሕተኛታት ኣሎዉ። ከም ኣብነት ቤትስልጣን ኣታዊ ግብሪን መንግስታዊ ቤትጽሕፈትን እዮም።

**ምክልኻልን ድልዉነትን ማሕበራዊ ሓደጋታት፦**- ኣብዚ ናይ ስራሕ መዳይ’ዚ፤ ኣብ 13 ኣብያተስልጣን ኣስታት 28 100 ቁጹራት ሰራሕተኛታት ኣሎዉ። ከም ኣብነት ሓለዋ ገማግም-ባሕሪ፤ ቤትስልጣን ምክልኻልን ድልዉነትን ማሕበራዊ ሓደጋታት እዮም።

**ጉዳያት ንግዳዊ-ክፋላት፦**- ኣብዚ ናይ ስራሕ-መዳይ’ዚ፤ ኣብ 53 ኣብያተስልጣን ኣስታት 25 000 ቁጹራት ሰራሕተኛታት ኣሎዉ። ከም ኣብነት ቤትስልጣን ምቁጽጻር ከባቢ ቦታ-ስራሕን ቤትስልጣን ትራንስፖርት እዮም።

**ንጥፈታት ነጻ-ጊዜ፡ ባህሊን ጉዳያት ሃይማኖትን፦**- ኣብዚ ናይ ስራሕ-መዳይ’ዚ፤ ኣብ 27 ኣብያተስልጣን ኣስታት 2 500 ቁጹራት ሰራሕተኛታት ኣሎዉ። ከም ኣብነት ቤትስልጣን ሃገራዊ ዕቃብ ሃገራዊ ውርሻታትን ዘበናዊ ቤተ-መዘክርን እዮም።

**ንጥፈታት ነጻ-ጊዜ፣ ባህሊን፣ ጉዳያት ሃይማኖትን**

ንሕና ነቲ ሃገራዊ ባህላዊ ውርሻና ንምዕቃብን ንምጥቃምን ንምምዕባልን እንሰርሕ ኢና። ንሕና ነቲ ኢደ-ጥበባዊ ቅርስታት ውን ንእክብ፣ ንዕቅብ ከምኡውን ስነ-ምርኢታዊ መደባት ነዳሉ።

SWEDISH NATIONAL HERITAGE BOARD RIKSANTIKVARIEÄMBETET

MODERNA MUSEET

**ንምክልኻል ሓለዋን ሕብረተሰብ**

ንሕና ገበናት ንምንካይን፤ ቅስናት ሕብረትሰብ ክብ ንምባልን እንዓዪ ኢና።

Polisen

Ekobrottsmyndigheten Swedish Economic Crime Authority

**ትምህርቲ**

ንሕና ንምህርን ኣብ ዩኒቨርሲቲን ኮለጃትን ስነ-ምርምራታት እነካይድ ኢና። ንኹሉ ዝኸውን ማዕርነታዊ ትምህርቲ ክህሉን፤ ልዑል ዝኾነ ዓይነታዊ ትምህርቲን ስነምርምራዊ ውጽኢትን ንኽርከብ  እንሰርሕ ኢና።

Skolverket

LUNDS UNIVERSITET

**ሓፈሻዊ ህዝባዊ ምምሕዳራት**

ግቡእ ዝኾነ ግብሪ ከም ዚኽፈል ምግባር፤ ኩሎም ተቐማጦ ሸወደን ኣብ ህዝባዊ መዝገብ ከም ዚህልዉ ምግባር ኣብ ርእሲኡ ውን መንግስታውያን ኣብየተስልጣን፤ ስሉጥነት ከርእያን ከም ዚምዕብላን ንገብር።

STATSKONTORET

Skatteverket

**ማሕበራዊ ውሕስነታት ወዘተ**

ንሕና ንዓኻ ወላዲ ዝኾንካ፤ ኣካላዊ ስንክልና ዘሎካ፤ ሓሚምካ ዘሎኻ ከምኡ ውን ጥሮተኛ ዝኾንካ ሰብ፤ ገንዘብ እንኸፍለካ ንሕና ኢና።.

Försäkringskassan

PENSIONS MYNDIGHETEN

**ጉዳያት ንግዳዊ-ክፋላት**

ኣብ ኩሉ ኣብያተስርሓት ምቹእ ናይ ስራሕ ከባቢ ክህሉ ጠለባት ነቐርብ። ኩሉ ሰብ ናብ ስርሑ ብስሉጥን፡ ብሓልዮት ከባብን፡ ብውሑስ ኣገባብን ክመላለስ ንጽዕር።

ARBETSMILJÖ VERKET

TRAFIKVERKET

**ቤትስልጣን ምክልኻልን ድልዉነትን ማሕበራዊ ሓደጋታት**

ናትና ሓላፍነት ድማ፤ ንምድሓን-ከባቢን ንሓለዋ ገማግም ባሕሪን እዩ። ሓደጋታትን ከበድቲ ፍጻሜታን ኣብ ዘጋጥሙሉ እዋናት ውን፤ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ብዓለም-ለኸ ደረጃን ሓገዝና ነበርክት ኢና።

KUSTBEVAKNINGEN

MSB Myndigheten för samhällsskydd och beredskap

# ኣብ መንግስታዊ ቤትስልጣን ምስራሕ እንታይ ትርጉም ኣሎዎ?

## ናይ ስራሕ ሓላፍነታት

ሓደ መንግስታዊ ሰራሕተኛ፤ ናይ ሃገራዊ ባይቶን ናይ መንግስትን ዝተናውሐ ኢድ ኮይኑ’ዩ ዚሰርሕ። ንስኻ ኣብ ሓደ መንግስታዊ ቤትስልጣን ተቖጺርካ ክትሰርሕ ከሎኻ፤ እቲ ተዋሂቡካ ዘሎ ናይ ስራሕ መዝነት፤ ብህዝቢ ሸወደን (በቶም ኣብ ባይቶ ዘሎዉ ወከልቱን መንግስቱን ኣቢሉ) ከም ዝተረከበካን፤ ደሞዝካ ውን ካብ ህዝቢ ብዝተኸፍለ ግብሪ ከም ዚወሃበካን ምፍላጥ፤ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ኣብ ሓደ ቤትስልጣን ዚትግበር ስርሓት፤ ከከምቲ ዝኸድካዮ ዓይነት ቤትስልጣን፤ ካብቲ ናይቲ ካልእ ዝተፈልየ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ቤትስልጣን ዚትግበሩ ሞያነት ውን ኣዝዮም ይፈላለዩ እዮም።

### ኣተገባብራ መዝነታዊ-ስልጣን - ብስም ናይቲ ቤትስልጣን ውሳኔ ምውሳድ

ሓደ መንግስታዊ-ሰራሕተኛ ስርሑ ኣብ ዚፍጽመሉ ጊዜ፤ ንኣብነት ብዛዕባ ሓደ ፍሉይ ጉዳይ ውሳኔ ክወስድ ከሎ፤ ንሱ ኣበየናይ ሕጊ ተሞርኪሱ ይገብሮ ከም ዘሎ ከመዛዝን ግዴታ ኣሎዎ። ገለ እዋናት ብዛዕባ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ስልጣንካ ክኸውን ይኽእል’ዩ። እዚ ማለት ድማ፤ እቶም እትወስዶም ዓይነት ውሳኔታት፤ እቲ ሓደ ቤትስልጣን ኣብ ልዕሊ’ቲ ዜጋ ዘሎዎ ናይ ስልጣን ምልኪ ናይ ምትግባር ጉዳይ እዩ። ንኣብነት ፍቓድ ኣብ ምሃብ፤ ክፍሊትን ካሕሳን ኣብ ምስላዕ፤ ካልእ ሃገራዊ ግዴታታት ኣብ ምውሳን ወዘተ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ስለዚ ድማ፡ እቲ መንግስታዊ-ሰራሕተኛ፤ ነቶም ዚምልከቶም ዝጸደቑ ውሳኔታት (ሕጊ፡ ድንጋጌ፡ ወይ ደንቢ) ክስዕቦም ይግብኦ።

### ናይ ኣተገባብራ መምርሒ - እቲ ስርሓት ብኸመይ ከም ዚፍጸም

ገለ ብሓባር ንኹሎም መንግስታዊ ሰራሕተኛታት ዚምልከትዎም መምርሒታት ኣሎዉ እዮም። ንኣብነት ሓደ ጉዳይ ብኸመይ ክፍጸም ከም ዚግብኦ - ብዝቐለለ፡ ብቕልጡፍን ብዝተኻእለ መጠን ብዘየኽስር-ጽፈትን ክስራሕ፤ ከምኡውን እቲ መግለጺ ውሳኔ ብቐሊሉ ክርዳእ ብዚኽእል ኣገባብ ክቐርብ ኣሎዎ ዚብል’ዩ። ብዛዕባ ኣወሃህባ ኣገልግሎት ብዚምልከት ውን፤ ንኣብነት ካብ ደገ ንዝመጹኻ ሕቶታት፤ መልሲ ናይ ምሃብ ግዴታ እዩ። ሓደ መንግስታዊ-ሰራሕተኛ፤ ኣብቲ ኣተሓሓዛ ጉዳያት ውድዓዊ ክኸውን፤ ንኣብነት እቲ ሰብ’ቲ ናይ ሓደ ዝፈልጦ ሰብ ወይ ኣብ ናይ ዘመዱ ዝኾነ ሰብ ጉዳይ ውሳኔ ዘይምውድ እዩ።

### ክፉትነት ከምኡውን ምስጢራውነት

ብልሽውናን ጉቦን መታን ክትከላኸል፤ ክፉትነት ኣብቲ ናይ መንግስታዊ ምምሕዳራት ኣዝዩ ኣድላዪ ነገር’ዩ። ኣብዚ እምበኣር፡ እቲ መሰረታዊ ሓሳባት፤ እቶም ኣብ ሓደ ቤትስልጣን ዘሎዉ ሰነዳትን ውሳኔታትን፤ ንህዝቢ ክፉታት እዮም። ዝኾነ ሰብ ሓቲቱ ድማ ክረኽቦም ይኽእል እዩ። ንገለ ዓይነት ውሳኔታትን ሰነዳትን ግን፤ ብመሰረት’ቲ ምስጢር ናይ ምሓዝ ሕጊ፤ ሓደ መንግስታዊ-ሰራሕተኛ ንደገ ከውጽኦም ዘይግብኦ ሕቶታት ኣሎዉ። ንኣብነት ከም ተነቀፍቲ ጉዳያት ብዛዕባ ሃለዋት ጥዕና ናይ ሓደ ግለሰብ ክጥቀስ ይክኣል። ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ጉዳያት፤ ሓደ መንግስታዊ-ሰራሐትኛ፤ እቲ ምስጢር ናይ ምሓዝ ግዴትኡ፤ ኣብ ውሽጢ እቲ ቦታ ስርሑን፤ ኣብ መንጎ መሳርሕቱን፡ ካብቲ ቤትስልጣን ውን ንወጻኢ ከም ዘይዝርግሑ ምግባር እዩ።

## እቲ ቦታ-ስራሕካ

ኣብ ሓደ መንግስታዊ ቤትስልጣን ምስራሕ፤ ልክዕ ከም ኩሉ ዓይነታት ቦታ-ስራሕ፤ ክምቸወካን፤ ነቲ ስራሕካ ውን ክትሕጐሰሉን ዚግባእ’ዩ። ኣብቲ መንግስታዊ ስርሓት፤ ብዛዕባ ምቹት ናይ ቦታ ስራሕ ብዚምልክት፤ ኣብ ልዑል ደረጃ ዚስራዕ እዩ።

### ኣቀዋውማ ቦታ ስራሕ

እቲ ቅርጻዊ ኣቀዋውማ ናይ ሓደ ቦታ ስራሕ ኣዝዩ ኣገዳሲ’ዩ። ስለ ዝኾነ ድማ፤ እቲ ወሃብ ስራሕ፤ ብዙሕ ጊዜ ነቲ ናይ ስራሕካ ከባቢ፤ ምስቲ ጠለባት ስራሕካ ከም ዝወሃድ ጌሩ’ዩ ዘዳልወልካ። ኣብ ቤት ጽሕፈት ትሰርሕ ምስ ትኸውን ውን ንኣብነት፤ ክብ-ለጠቕ ዚብል ጣውላ የዳልወልካ ይኸውን። ካብ ገዛ ወጻኢ ዝኾነ ናይ ጉልበት ስራሕ ምስ ዚህልወካ ድማ፤ ከም ልሙድ፤ ንዕኡ ዚሰማማዕ ክዳውንትን፤ ንዕዮኻ ዘቃልል፡ ሓደጋ ዘየስዕብ፡ ንኣካላትካ ዚምቸእ፡ መሳርሒ የዳልወልካ።

### ውዕላት

ንብምሉኡ ናይ መንግስቲ ስራሕ ዝኸውን ናይ ስራሕ ውዕላት ኣሎ። ብፍላይ ንነፍሲ- ወከፍ ቦታ-ስራሕ ዚምልከት፤ ብዛዕባ ሰዓታት ስራሕ፡ ኣቆጻጽራ ደሞዝ፡ መዓስን ክንደይን ናይ ዕረፍቲ መዓልታት ከም ዚህልዉን ወዘተ ዚምልከቱ ውዕላት ውን ኣሎዉ። እዚ ውዕላት’ዚ ድማ፤ ነቲ ቦታ-ስራሕ፡ ሓደ ናይ ኣገባብ ቅርጽን መስርዕን ንምሃብ ተባሂሉ ዝተገብረ እዩ። ኣብ ርእሲኡ፡ ጽቡቕ ዕዮ ተፍርየሉ ናይ ስራሕ ሃዋህዉ ኣብ ምፍጣር፤ ኣብ መንጎ ስራሕን ነጻ-ጊዜ ድማ፡ ሚዛናዊ ኣተሓሕዛ ንኽህሉ ዕድል ንምምችቻእ እዩ። እዚ ውዕላት’ዚ በቲ ኣብ መንጎ ወሃብ ስራሕን ማሕበር ሰራሕተኛ ዚግበር ድርድር ዚውሰን’ዩ።

### ዝርርብ ምስ ሓለቓ

በቲ ብቐጻሊ ምስ ሓለቓኻ እትገብሮ ዝርርብ፤ ቦታ-ስራሕካ ከመይ ትምኮሮ ከም ዘሎኻ ክትገልጽ ትኽእል ኢኻ። እቲ ቦታ-ስራሕካ በቶም ድሮ ትኣትዮም ዘሎዉ ውዕላትን፤ ወጺኦም ዘሎዉ ደንብታት፤ ገለ ናይ ኣገባብ ቅርጽን መስርዕን ወጺእዎ ዘሎ እዩ። ይኹን እምበር፡ ምስ ሓለቓኻ ተራኺብካ ብምዝርራብ፤ ንኣብነት ብዛዕባ’ቲ ተዋሂቡካ ዘሎ ናይ ስራሕ መዝነት፤ ናይቶም መሳርሕትኻ ዘሎ ናይ ስራሕ ምትሕግጋዝ መንፈስ፤ ክብጻሕ ብዛዕባ ዘሎዎ ናይ ስራሕ ዕላማን ወዘተ፤ ዘሎካ ተሞኩሮ ኣብ ግምት ብምእታው፤ ኣተገባብርኡ ክትጸልዎ እትኽእል ነገራት ኣሎ እዩ።

# ኣብ መንግስታዊ ቤትስልጣን ከም ተለማማዲ ስራሕ ምዃን

*ከም ተለማማዲ ስራሕ ምዃን፤ ተቖጺርካ ትሰርሕ ኣሎኻ ማለት ኣይኰነን፤ ይኹን እምበር፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ብምምጻእ፤ ገለ ስርሓት ብምትግባር፤ ምስ መሰርሕቲ-ሰባት ብምርኻብ፤ ኣብ ቤትስልጣን መንግስቲ ምስራሕ እንታይ ክመስል ከም ዝኽእል ክትርዳእ ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ቦታ'ቲ ተቘጺርካ ምስራሕ፤ ምስ ካልእ ቦታታት-ስራሕ ኣነጻጺርካ፤ ዝፈልዮ ነገራት ክህልዎ ይኽእል እዩ።*







### ሰዓታት ስራሕ

ከምቲ ልሙድ ኣገባብ፤ እዚ ናይ ልምምድ ስራሕ ቦታ፤ ብቤትስልጣን መራኸቢ ስራሕ ዝተረኸበልካ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ከከምቲ ኩነታት ኣመዳድብኡ ድማ፤ እቲ ናይ ልምምድ ስራሕካ ሰዓታት፤ ናይ ምሉእ ጊዜ ከይከውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ፡ ካብቲ ልምምድ ስራሕ ወጻኢ፤ ካልእ እትገብሮም ነገራት፤ ከም ናይ ሽወደን ትምህርቲ ወይ ብቤትስልጣን መራኸብቲ ስራሕ ጌርካ እትኸዶም ካልእ ትምህርቲታት ውን ክህልዉኻ ይኽእሉ እዮም።

ከም ተለማማዲ-ስራሕ ኴንካ ኣብ ትሰርሓሉ ጊዜ፤ ከምቶም ካልኦት ቁጹራት ሰባት ዘይኰነስ፤ እቲ ደሞዝካ ካብቲ ቤትስልጣ'ቲ ኣይኰነን ዝወሃበካ። ኣብ ልምምድ ስራሕ ብምህላውካ፤ ፍሉይ ገንዘብ ዚኽፍለካ፤ እቲ ቤትስልጣን መራኸብቲ ስራሕ ወይ ቤትስልጣን ውሕስነት-ካሳ እዩ።



### ሓላፍነታት ስራሕ

ከም ተለማማዲ ስራሕ መጠን፤ ተቖጺርካ ኣይኮንካን ትሰርሕ ዘሎኻ። እዚ ማለት ድማ፡ እቲ ዚወሃበካ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ፍልይ ዝበለ እዩ። ብዙሓት ዓይነት ስርዓት ክትፍትን ኢኻ፤ ይኹን እምበር ከም ፈጻሚ ጉዳያት ኴንካ፤ ብስም እቲ ቤትስልጣን'ቲ ውሳኔ ዝወሃቦ ስራሓት ኣይክትፍጽምን ኢኻ።

እቲ ናይ ልምምድ ስራሕ ቦታ ዝሃበካ ቤትስልጣን፤ ነቲ ናይ ቦታ ስራሕካ ከባቢ ውን ሓላፍነት ዝህልዎ ንሱ እዩ። ኣብዚ ኣበሃህላ እዚ ድማ፤ ንስኻ ካብቶም ካልኦት ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት እትፍለየሉ ነገር የልቦን። እቲ ናይ ልምምድ ስራሕካ እንታይ ከም ዝመስል ብዘየገድስ፤ ንስኻ ውን ልክዕ ከምቶም ካልኦት ቁጹራት፤ ነቲ ናይ ስራሕካ ሃለዋት ብዚምልከት፤ ጽልዋኻ ክተሕድር፡ ንዘሎካ ሕቶታት ክተቕርብ፡ ነቲ ዘሎ ዕድል ክትጥቀመሉ ኣድላዪ እዩ።

### መራሒ-ስራሕ

ካብታ ናይ መጀመርታ መዓልቲ ኣትሒዙ ኣብቲ ቦታ ስራሕ'ቲ ዚሕግዘካን፤ ኣብ መንግስታዊ ቤትስልጣን ኣቲኻ እንታይ ከም ዚግበርን ዝነግረካ፤ ሓደ ሰብ መራሒ-ስራሕ ክዳለወልካ እዩ። ገለ ሕቶታት ወይ ዘተሓሳስበካ ነገራት ምስ ዚህሉ ድማ፤ ምስ'ዚ ሰብ'ዚ ርክብ ግበር።



# ተወሳኺ ሓበሬታ

ኣብቲ ናትና ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ

**www.arbetsgivarverket.se/jobbastatligt**

ኣቲኻ፤ ኣብ መንግስታዊ ቤትስልጣን ምስራሕ እንታይ ከም ዝመስል፤ ብዚያዳ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።

MILJÖMÄRKT
341 376

Utgiven av Arbetsgivarverket 2016
Produktion: Arbetsgivarverket
Foto: Getty Images, sidan 6-7 och 8-9: Melker Dahlstrand/Riksdagsförvaltningen,
sidan 8 voteringsknappar: Ingemar Edfalk/Riksdagsförvaltningen

Arbetsgivarverket

Arbetsgivarverket

Box 3267,103 65 Stockholm,
Besöksadress: Sveavägen 44

Växel: 08 700 13 00

www.arbetsgivarverket.se

registrator@arbetsgivarverket.se